## ኣብ ግዜ ጥንሲ ጥዕናኺ ብመግቢ ሓልውያ



እቲ ትበልዕዮን ትሰትዮን ብጥንቃቀ ምክትታል የድሊ ብዝሑን፣ ዓይነቱን ብጥንቃቐ ምምራጽ የድሊ



ጽሬትን ኣበሳስላን ኣጠቓቕማን ኣቀማምጣን ናይቲ መግቢ ብጥንቃቐ ክካየድ ይግባእ



ምእንቲ ካብ ዝኾነ ይኹን ዘይተጸበናዮ ሽግር ክይንወድቕ፣ ብእዋኑ ኣብ ሓኪም ብምኻድ ሞዕዶን ሓበሬታን ምውሳድ የድሊ።



## ነዚ ንምግባር ክንሕግዝ ንሕና ኣብዚ ቁሩባት ኣሎና

ሰራሕተኛታት ናይ ኦስፍ Associazione Opera San Francesco ነቲ ኩሉ ዘድሊ ሓበሬታ ክህቡን፣ ኣድላይ እንተኾይኑ ቆጸራታት ምስ ሓካይምን ክወስዱን ካልእ ኩሉ እንሓቶ ክምልሱ ቁሩባት እዮም።



# ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ክትሓርሲ ዲኺ ?
# ወይሲ ንመጻኢ ክትወልዲ መደብ ኣሎኪ ?






### ከምኡ እንተኾይኑ እዚ ጽሑፍዚ ንዓኺ ጠቓሚ እዩ

ቤት ሕክምና ኣኦስ Associazione Opera San Francesco ምእንቲ ናትክን ናይ ዉልድክን ድሕነት

ንኹለን ከማኺ ዝኣመሰላ ደቀኣንስትዮ ምሉእ ሓበሬታን ዘድሊ ሕክምናን ክህበኪ እዩ።

Milano
Comune di Milano

Fondazione Bracco

OSF Opera San Francesco per i Poveri Frati Cappuccini Onlus

Con il patrocinio di

ITALIA
EXPO MILANO 2015

## ቆልዓ ንምውላድ ትሓስቢ ኣሎኺ መዓስ ከምዝኸውን ግን ኣይፈለጥክን ?



## ወይሲ ድሮ ክትሓርሲ ቀሪብኪ ኣሎኺ፣ ዉልድኪ ክትዓቕፊ ድማ ትህንጠይ ኣሎኺ ?



ነዚ ክትቕረቢ ብዛዕባ ኣካላትክን ፣ ብዛዕባ ጥዕና ናትክን ናይቲ ዝውለድ ህጻንን ምሉእ ኣፍልጦ ክህልወኪ ይግባእ

### ተላገብቲ ሕማማት

ዝበዝሑ ሕማማት ካብ ኣደ ናብ ዉላድ ብደም ዝመሓላለፉ እዮም ፣ ገለ ነቲ ህጻን ጥራይ ሓደጋኛታት ክኾኑ ኸሎዉ ገሊኦም ግን ነቲ ዉሉድን ወላዲትን ጉድኣት ከምጽኡ ዝኽእሉ እዮም።



ገለ ተላገብቲ ሕማማት ካብ ኣደ ናብቲ ሕጻን እንተተማሓላሊፎም፣ ናይ ጥንሲ ምቁራጽ፣ ናይ እዝኒ ምጽማም ፣ዑረት ዓይኒ ፣ ትሑት ክብደት ኣብ ግዜ ሕርሲ ካልእ ጸገማትን ክፈጥሩ ይኽእሉ።

### ነዚ ንምክልኻል እንታይ ክንገብር ይግባእ ?

ናይ ደም መርመራ ብምግባር ነቲ ክመጽእ ዝኽእል ሕማም ብእዋኑ ፈሊጥና ምፍዋስን ኣብ ዘድለዮ ኩነታት እውን ብኽታበት ክንከላኸልን ንኽእል።

### ቶክሶፕላዝሞዚ

እዚ ብሓደ ፓራሳይት ዝመጽእ ሕማም ኮይኑ፣ ኣብ ግዜ ጥንሲ እንተድኣ ሒዝካ ነቲ ሕጻን ብጣዕሚ ሓደገኛ ይኸውን

### ሮዞሊያ

እዚ ሕማምዚ ኣዝዩ ተላጋቢ ኮይኑ ነቲ ዝውለድ ህጻን ብጣዕሚ ኣስጋኢ እዩ። ሓደ ካብቲ ጠንቂ ናይ ሞትን ስንክልናን ናይቲ ህጻን ከኣ እዩ።

### ኤቾኣይቪ

ነታ ወላዲት ኮነ ነቲ ህጻን ብጣዕሚ ሓደገኛ ዝኾነ ሕማም ኮይኑ፣ ኣብ ግዜ ጥንሲ ወይ ኣብ ግዜ ሕርሲ ወይ ድማ ብጸባ ምጥዋብ ክመሓላለፍ ይኽእል፣

### ሲፊሊደ

እዚ ተላጋቢ ሕማምዚ ኣብ ግዜ ጥንሲ ናብቲ ቆልዓ ዝተሓላለፍ ሕማም እዩ

### ኤፓቲተ ቢ ወይ ሲ

እዚ ሕማም እዚ ካብ ኣደ ናብቲ ሕጻን ብደም ዝመሓላለፍ እዩ፣

### ሄርፐስ ጀኒታል

ኣብ ግዜ ሕርሲ ነቲ ሕጻን ክለግቦ ዝኽእል ብጣዕሚ ሓደገኛ ሕማም እዩ።

ተላገብቲ ሕማማት ጥራይ ኣይኮኑን ነቲ ብባህጊ ንጽበዮ ሕጻን ሓደገኛታት ዝኾኑ

